**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፊን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

21 *ሰነ* 2018 *ግዕዝ*
28 **juni 2026**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-649**

*በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።*

*ጉዳይ፥ ውሳኔ ብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ፕትርያርክናን፡ ምዕባለታት ኣብ ቤተክርስትያንና ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድን፡*

*ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡*

*ኣቐዲምና መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕራብ ብጥዕና ደሓን ክትህልው፡ ኣብ ሥራሓትኩም ኣሳልጦን ግስጋሰን ክህልወኩም ሰናይ ምንዮትና ምኻኑ ክንገልጸልኩም ንፈቱ። ብምቕጻል ከኣ ንነዊሕ ጊዜያት ምዕባለታት ከይተገለጸልኩም ስለ ዝጸንሐ፡ እዚ ክትረኽቡ ከኣ መሰልኩም ስለ ዝኾነ፡ እዚ ዝስዕብ እዋናዊን ዕዙዝን መልእኽቲ ንሓበሬታኹም ነመሓላልፈልኩም ኣሎና፥*

## 1- *ካብ ናይ ቀረባ ታሪኻዊ መዝገብ፥*

*ብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ 6ይ ፓትርያርክ ዘኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2025 ዓምፈ (2018 ግዕዝ) ናብ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣስምተልፌን-ኣምስተልላንድ መጺኦም፡ ነቲ ብምሕደራታት ናይ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳን ንኡስ ሃገረ ስብከት ንግሥነት ነዘርላንድን ንነዊሕ ዓመታት ተኸልኪሉዋን ተሓሪሙዋን ዝነበረ መሰላት ኩሉ፡ ብሕጋዊን ብሥርዓታዊን ኣካይዳ ክትካየድ መፍትሒ ክገብሩ ምስ መጹ ዝነበረ ታሪኻዊ ርክብ ንምልከት።*
*ሀ- ነቶም ንኡስ ሃገረ ስብከት ባዕሉ ካብ'ዛ ቤተክርስትያንና ኣውጺኡ ኣብ ትሕቲኡ ዝኣልዮም ዝነበሩ ትምህርቲ ሰንበትን ገለ ውሱናት ምእመናንን ድማ፡ ናብ ቤተክርስትያን ተመሊሶም ብሓደ ክነብሩ ሰናይ ኢዩ ኢሎም ብፍቓዶም ናብ ሓድነት ዘምጽኡዎም ምኻኖም፡*
*ለ- ዝሓለፈ ከይድገም ምእንቲ እቲ ሓድነት ብሕጋዊ መሥርሕ ሓሊፉ ሕጋዊ መደምደምታ ክም ዝግበረሉ ብዝወሰኑዎ ውሳኔ መሠረት፡ ሓደ ኣማእካሊ ሰብ ባዕሎም ኣቕሪቦም ሓበራዊ መርሓጉደና ኣውጺኡ ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ሓድነት ከሰጋግሮ ዝመደቡ ምኻኖም፣*
*ሐ- ንዝገበሩዎ ጻዕሪ ንሓድነት፡ ንእግዚኣብሔር ኣመስጊንና ኔርና። እዚ ክዉን ክኸውን ከኣ ብዕቱብ ሰበኻ ጉባኤ ሠሪሕናሉ ኢና፣*
*መ- ነቲ ብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ዘምጽኡልና ኣማእከሊ ሰብ፡ ኣቶ ቴድሮስ በርሀ፡ ብዘይ ወገንነት ከካይደና ቃል ከም ዝኣተ ገይሮም፣*

## 1-(i) *ብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ንኣማእካሊ (ቴድሮስ) ሒዞም ምስ ትካል* (stichting) *ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም ዝተገብረ ርክብ፡*

ኣቶ ቴድሮስ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ኣካላት ዝተሳተፉዎ ርክብ ንብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ 'ኣነ ናይ ሕጊ ምሁር ኢየ። ነቲ ብትካል (stichting) ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ተገዚኡ ዘሎ መሬት፡ ብዘይ ቀረጽ (zonder overdrachtsbelasting te betalen) ናብ 'ከርክኸኖትስኻፕ' ከም ዝመሓላለፍ ክገብር እኽእል ኢየ' ምስ በሎም፣ ኣቶ ታረቀ 3 ጊዜ 'ኣይከኣልን ኢዩ። ቀረጽ ክኽፈሎ ሕጊ ነዘርላንድ (Belastingdienst) ይግድድ ኢዩ' ኢሉዎ። ቴድሮስ ግን ኣብ ዝበላ ደሪቑ 3 ጊዜ 'ይከኣል ኢዩ' ኢሉ።
'እወ - ኣይኮነን' ዝብል ኣብ ቅድሚ ብጹዕ ኣቦና ኣድካሚ ምልልስ ከይከውን ብምባል፡ ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሓዝ ከም ዝበሃል፡ ኣቶ ታረቀ "እሞ ብሓላፍነትካ ብዘይ ቀረጽ ነቲ መሬት ናብ እታ እትቐውም ሓዳስ 'ከርክኸኖትስኻፕ' ከተመሓላልፎ እንተኼንካ፡ ብናትካ ሓላፍነት እምበር፡ ንሕና ናይ ህዝቢ ገንዘብ እልቢ ዘይብሉ ቀረጽ ከፊልና ከነመሓላልፍ ኣይንደልን ኢና። ንሕና ሰበኻ ጉባኤ ነቲ ዝጸንሐ ትካል (stichting) ባዕልና ናብ 'ከርክኸኖትስኻፕ' ምስ እንቕይሮ ግን ቀረጽ ከይተኸፍሎ 'ከርክኸኖትስኻፕ' ክኸውን ይከኣል ኢዩ።
ኣቦታትና ቀይሩዎ ኢሎም ውሳኔ ሰዲዶምልና ነይሮም። ክንሰርሓሉ ጸኒሕና። ደሓር ግና ሃገርስብከት ኤውሮጳ ዝብገበሮ ኢድ ምትእትታው፡ ኣቦታት፡ 'ነቲ መሥርሕ ናይ ምቕያር እንጠልጢሉዎ' ብዝበሉና ውሳኔ ምኽንያት ኣብ ምቕራቡ ተንጠልጢሉ ተሪፉ።"
ድሕሪኡ ኣቶ ቴድሮስ፥ "እወ ብናተይ ሓለፍነት ነቲ መሬት ብዘይ ቀረጽ ከም ዝመሓላለፍ ክገብራ እኽእል ኢየ። ይከኣል ኢዩ። ንዕኡ ናባይ ግደፉዎ" ኢሉ ኣብ ቅድሚ ብጹዕ ኣቦና'ውን ቃል ከም ዝኣተወ ንዝክር። እዚ ከም ውዕል ኣብ ጽሑፍ ክሰፍር ከም ዘለዎ ተገይሩ። ንሕና ከም ኣመሓደርቲ ትካል (stichting) ከኣ ቀረጽ ክንከፍለሉ ድሉዋት ከም ዘይኮንና ኣፍሊጥና። ንምንጻሩ ዝኣክል ድማ ደጊምና ከም'ዚ ዝስዕብ ገሊጽና፥
"በቲ ኣቦታትና ባዕልኹም ቀይሩዎ ኢልኩምና ዝነበርኩም'ሞ ብጠበቓ ጌርና ዝጸዓርናሉ፡ ምቕያር ናይ ትካል (sitchting) ናብ 'ከርክኸኖትስኻፕ' እንትንቕጽሎ ኔርና፡ (ኣቦታት ቅዱስ ሲኖዶስ ኣንጠልጥሉዎ እንተዘይብሉና ነይሮም) ግን፡ እቲ ንሕና ዝገዛእናዮ ናይ ህዝቢ መሬት ብዘይ ቀረጽ (ብነጻ) ኣብ ከርክኸንቶስኻፕ ክሰግር ሕጊ የፍቅደልና ኢዩ።" ኢልና ኣስሚርናሉ።
በቲ ኣቡነ ባስልዮስ ኣማእካሊ ሰብ ኣምጺኦም ክንሠርሕ ክንቕጽል ዝገብሩዎ መሠረት ኣብ ሥራሕ ተዋፊርና ክንሠርሕ እንከሎና፡ ዝሓለፈ ክትዕ (ብወገኑ ዳሲዩዎ ክሓልፍ፡ ወይ ከኣ ኣብ ዘይቦትኡ ዘእተዎን፣ ኣብ ትግባረ ንዓና ብዘይምቹእ ኣገባብን ኣካይዳን ዝፈተኖን፣... ንሕና

ኣመሓደርቲ ትካል (stichting) ምስኡ እንዳ ተጸሓሓፍና (እንዳ ተላዘብና) ኣብ መወዳእታ ዕለት 18-01-2026 ዓምፈ (10 ጥሪ 2018 ግዕዝ) ነቲ መርሓጐደና ኣጻፊፍና ክታምና ኣንቢርናሉ። ንኡስ ሃገረ ስብከትን ሰበኻ ጉባኤ ናይ ከርክኽኖትስኻፕን'ውን ክታሞም ኣንቢሮምሉ።

እዚኣ ምስ ተገብረት ኣቶ ቴድሮስ 'ኣነ ናብ ኣሥመራ እከይድ ኣለኹ ጽባሕ' ኢሉ ተፋኒዩና ከይዱ። 4 ኣዋርሕ ጠፊኡ፣ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ብጽሑፍ ይኹን ብተሌፎን ምሳና ዝገበሮ ኣይነበረን። ሕጂ ኣብ ዝሓለፈ 2-3 ሰምንታት ይገብር ብጽሑፍ ልኢኹ፡ 'ኣብ ውሽጢ ሓደ ክልተ መዓልቲ ክራኸብ ደልየ ምሳኹም ቀዳም ወይ ሰንበት ሕዝኡ' ምባሉ ደንጽዩና። ኣበይ ነይሩ? እንታይ ኰን ይገብር ነይሩ? ሕጂ ደኣ እንታይ ህጹጽ ነገር ስለ ዘሎ ኢዩ? ዝብሉን ሕቶታት ክጅል ኢሎምና። መልሲ ዘይተርፍ ሰል ዝኾነ መልሲ ሂብዮ። 'ንሕና መደባት ሰሪዕና ኢና እንኸይድ፡ ኣብ'ዚ እዋን ዝሰርራዕናዮም መደባት ስለ ዘለዉና መዓስ ከም ዝጥዕመና ክንሕብረካ ኢና' ኢልና ግቡእ መልሲ ሂብናዮ። ግን ነዚ ብዙሕ ሚዛን ኣይሃበሉን። 'እዚ ከይትገብሩ፣ እዚ ግበሩ፣ እዚ እንተገይርኩም...ወዘተረፈ ዝብሉ መጠንቀቕታታትዶ ክንብሎም ትእዛዛት ቀልጢፉ ሸዑ መልሲ ሰዲድልና። ነዚ ኣሰላሲልና ነቲ ዝነበረ መደባትናን ሥርራሕናን ኣቃልል ምስ ኣበልና ክንምለሶ ክንብል እንከሎና ከኣ፡ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብኣቡነ ዮውሃንስ (ጸሓፊ) ዝተላእከ ደብዳበ (ውሳኔ) ናባና፡ ናብ ሰበኻ ጉባኤ ትካል (sitchting) ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ተላኢኹና።

<u>**እዚ ዝኾነ ከኣ ከኣ ቴድሮስ ብናቱ መንገዲ ክዳለወሉ ዝጸንሐ ስትራተጂ፡ ናብ ብጹዓን ኣቦታት ዘቕርበ/ዝልእኮ ዝነበረ ሓደ ሸነኻዊ ጸብጻባት (ንዓና ቅዳሕ ሰዲዱልና ዘይፈልጥ) ሰዲዱ፡ ነቲ ስምምዕን ምሳና ዝተፈራረመሉ ውዕል -መርሓጐደናን ከም ዝፈርስ ንምግባር ዝዓለመ፣ እሞ፡ ብውሳኔ ናይ ኣቦታት ኣቋራጭ 'እቲ ገንዘብን ንብረትን ናይ ትካል (stiching) ቀልጢፍኩም ናብ ከርክኽኖትስኻፕ ኣሰጋግሩዎ' ዝብል ውሳኔ ከም ዝለኣኸልና ኢዩ ተገይሩን ተኻይዱን**</u>።

እዚ ብዕለት 20-20206 ብኢመይል ዝተላእከልና ውሳኔ ፡እቲ ስምና ንምጥፋእ (ከም ዝኣበና፡ ሕጊ ከም ዝጠሓስና...ወዘተ ተቒሶምሉ ዘለዉ በዓል 9 ነጥቢታት ውሳኔ፡ ብቴድሮስ ብምትሕብባር ን ኡስ ሃገረ ስብከት ነዘርላንድ (ን/ሃ/ስ) ዝተላእከሎም ጸንጻን/ሓበሬታ መሠረት ገይሮም ዝወሰኑዎ እምበር ብኻልእ ክኸውን ከምዘይክእል እንዳ ኣስመርና፣ እቶም ኣብ'ቲ ውሳኔ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥቢታት ካብ ሓቂ ዝረሓቑ ምዃኖም ኣነጺርና ንገልጽ። ኣቶ ቴድሮስ ምስ ንኡስ ሃገረ ስብከትን ምስ 2 ኣባላት ሓዳስ ሰበኻ ጉባኤ ኢድን ጓንቲን ኰይኑ ከም ዝሠርሕ ብብዙሕ መንገዲ ዝተራእየ ኢዩ።

እዚ ውሳኔ ክለኣኸልና እንከሎ፡ ብክልቴኦም ወገን (ብቴድሮስን ብን/ሃ/ስ/) ብቕልጡፍ፡ ብፍሉይ

- ኣብ ርእሲ 3 ኣመሓደርቲ ኣባላት (ሰበኻ ጉባኤ) ክካየድ ዝጀመረ መጥቃዕቲን፣
- ንህዝቢ ከኣ እዚ ግበሩ (ፎርም ቀይሩ)፡ እዚ ከይትገብሩ፣...ወዘተረፈ እንዳ ተባህለ ዝመሓላለፍ ዝቐነየ ውሳኔታት ን/ሃ/ስ/ ንሰበኻ ጉባኤ ሓሊፉ (ነጢሩ) ባዕሉ ክውስኖ ዝቐነየ ኩሉ ህዝቢ ዝረኣዮን ዝሰምዖን (ብዝተዘርገሐ፣ ዝተላእከን ዝተኣወጀን ደብዳበታቶም ሕዝቢ ርእሱ ዘናውጽ ኰይኑ ዝቐነየ ህዝቢ ዝምስክሮ ኢዩ፣
- ብፍሉይ ከኣ ን9 ተባዓትን ኣብ ህላውነትን ቀጻልነትን ህንጻን ቤተክርስትያንና ዝሰርሑን ዘሥርሑን ነባራት ኣባላት ትካል ቤተክርስትያንና (stiching)፡ ወገናዊ መጥቃዕቲ ከም ዝውሰድ ዝተገብረሉ ውሳኔ ን/ሃ/ስ እውን ስኑድ ኢዩ፣
- ኮታ ንህዝቢ ቤተክርስትያን ኣብ ነውጺ ዘእተወ ውሳኔታትን ናይ ቃልን ጽሑፍን ኣዋጃትን፡ ከም ዝለኣኸን ክትግበር ከም ዘለዎን ተቓላጠፉ እንዳበሉ ንኩሉ ወገን ኢመይላት ክለኣኸልና ኢዩ ቀንዩ። በዚ ከኣ እቲ ስትራተጂ ጽቡቕ ገይሩ ተርዲኡና ኢዩ።

<u>**1-(ii) ቴድሮስ ነዚ ኩሉ ዝገብሮ ካብ ምንታይ ከምልጥ? ንመን ብምጥቃዕ? ነፍሱ ነጻ ምእንቲ ክገብራ ዘውጸኦ ብልሓት ዲዩ?**</u>፡

ሀ- ቴድሮስ ካብ ስምምዕን ውዕልን - መርሓጐደና - መህደሚ ክጥዕሞ ኢዩ ንኣቦታት ውሳኔ ከም ዝወስዱ ገይሩ ተጠቒምሎም። ምኽንያቱ እታ ቀረጽ ከይተኸፍለት ምስግጋር መሬት ብሕጊ ከም ዘይትከኣል ኣቐዲሙ ስለ ዝፈልጥ ኢዩ።

ለ- እዚ ማለት ድማ፡ በዛ ውሳኔ ናይ ኣቦታት ገይሩ፡ ካብ ዝገብሮ ውዕል (መርሓጐደን) ከምልጥ ኢዩ ተጣቢቡ ማለት'ዩ።

ሐ- እዚኣ ብምግባሩ ከኣ፡ ንዓና ንሰበኻ ጉባኤ ትካል ቤተክርስትያን (stichting) ኣብ ዕዳ ከም እንኣቱ ይገብር ኣሎ ማለት'ዩ። እዚ ማለት **'እቲ መርሓጐደና ተሪፉ ኢዩ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ብውሳኔ ናይ ኣቦታት ኢና እንኸይድ'** ኢሉ ዝጸሓፈልና ጭቡጥ መረጋገጺ ኢዩ።

መ- በዚ ዝገበሮ ኣካይዳ (ዝተበላሓቶ ብልሓት) ንዓና ይኹን ንኣቦታት ቅ/ሲኖዶስ ትኽክል (እሙን) ከም ዘይነበረ ኢዩ ዘነጽርን ዘረግጋጽን።

⇨ እዚ ኣሰራርሓኡ እምበኣር፡ ትኽክል ዘይኰነ (ዘይእሙን) ኣሠራርሓ ኢዩ። ኣቶ ቴድሮስ ብዕለት 23-06-2026 ኣብ ዝለኣኸልና ኢመይል **"ካብ ዕለት 19-06-2026 ዓምፈ ጀሚሩ ብመርሓጐደና ክንሠርሕ ኣይንኽእልን ኢና። ኩልና ከም እንፈልጦ ካብ ውሳኔ ናይ ኣቦታት ክንወጻእ ኣይንኽእልን ኢና፣....ብእኡ ኢና ክንምራሕ ዘሎና ኣብ'ዚ በጺሕናዮ ዘሎና መድረኽ...**' (ክብል ኢዩ ጽሑፍ ሰዲዱልና (ቴድሮስ)።

## 2- *ድሕሪ ውዕል ስምምዕ መርሓጐደና* (stappenplan) *ዝሰዓቡ ምዕባለታት፥*

### *መብርሂ፥*

- *ንዘጋጠሙና ብድሆታት፡ ብልዝብን ብምብልሓትን ገጢምና ኣብ ናይ መሥርሕ ጕደና ምውጻእን፡ ሓበራዊ ምርድዳእን በጺሕና፣ ነቲ መርሓጐደና ምስ'ቲ ኣማእካሊ (ቴድሮስ)፣ ንኡስ ሃገረ ስብከትን ሰበኻ ጉባኤ ከርክኽኖትስኻፕን ዕለት* 18-01-2026 *ከም ዝተፈራሪምናሉ ነዘክር፣*
- *እዚ ምስ ተገብረ (ምፍርራም ምስ ተወደአ) ናብ ተግባር ክንኣቱ፡ እቲ ንኣቦታት 'ኣነ ብሓላፍነተይ ክገብሮ ኢየ' ዝበሎም ኣማእካሊ ሰብ ግን ንምንታይ ደሃይ ኣጥፊኡ? ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ወይ መልእኽቲ ከይለኣኸልና/ከየቕርበልና ክንጽበዮ ስለምንታይ* 4 *ኣዋርሕ ኣሕሊፉ? ዝብሉ ሕቶታት ክሕተቱ ግቡእ ኰይኑ መልሲ ከም ዘይሃበሎም፣*
- *'ብዘይ ቀረጽ መሬት ከም ዝመሓላለፍ' ዝገልጽ ሰነድ* (*ካብ* Belastingdienst) *መረጋገጺ ብሓላፍነቱ ከቕርበልና እንዳ ተጸበና እንከሎና፡ እዚ ምስ ህዝቢ'ዛ ቤተክርስትያንና ኰይንና ንነዊሕ ዓመታት ክንሠርሓሉን ክንዳለወሉን ዝጸናሕና ምግዛእ*

ቤተክርስትያን ዝምልከት፡ ዋናታት ብወግዒ ሓበሬታ ኣውጺኦም። ድሌት ዘለዎም ዘበሉ ኩሎም ኣብ ጨረታ ክሳተፉ ዝደልዩ ኢሎም'ውን፡ ዋናታት ቤተክርስትያን ኣውጆም። ተጻሒፍኩም መምርሒ ውሰዱ፣ ቤተክርስትያን ውሽጣን ውሻጢኣን ክትርእዩ፡ ዘለኩም ሕቶታት ክትሓቱን፣ እዚን እዚን ኣማልኡ ምስ በሉን፣ ምስ ኣማኻሪና ተራኺቡ… ወዘተረፈ ዝብል ሓበሬታ ምስ ተዘርገሐን፡ ንሕና (ሰበኻ ጉባኤ ናይ ትካል (stichting)) በወገንና፣ እቲ ኣማእካሊ ሰብ ጠፊኡ፡ እሞ እንታይ ንግበር? ኢልና ተመያዪጥናሉ። ናይ ህንጻን ልምዓትን ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ብናቶም መንገዲ ተመያዪጦምሉ። ሰበኻ ጉባኤ 'ከርክኽናኖትሰኻፕ' እውን እንታይ ንግበር፧ ኢሉ ተመያዪጥሉ።

- ምስ ዝተመዘዘት ወኪል ናይ ሕንጻን ልምዓትን ቤተክርስትያን ኰይንና፡ (መሥርሕ ናይ ሕጋዊ ሓድነት ስለ ዘይተወደአ)፡ እቲ ገንዘብ'ውን ጌና ኣብ ትሕቲ ሰ/ጉባኤ ናይ (stichting) ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ ስለ ዘሎ፡ ንምግዛእ ቤተክርስትያን ሓቢርና ክንዓዩን ብዕቱብ ንረብሓ ህዝቢ ቤተክርስትያን ከነውዕሎ ክንነጥፍ ጀሚርና።

እዚ ምስ ኰነ፡ ብወገንና እሞ እታ ንህዝቢ'ዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን እንምነያ ዋናታታ ክትሸየጥ ካብ ፈቐዱ፡ ኢድናን እግሪናን ኣጣሚርና ኣይንርእን ኢልና ብብዙሕ ኩርናዓት እንዳገላበጥና ምስ መዘንና ዝሓይሽ ዝበልናዮ ተግባራዊ ተበግሶ ጌርና።

- ዓቕሚ (ቤተክርስትያንና ዘዋህለለቶ ገንዘብን ጽቡቕ ጌርና ምምዛን፣
- ትካል ዘለዋ ንብረትን /ኣቐዲሙ ሓደ ጊዜ ቤተክርስትያን ክንሠርሕ ኢልና ገዚእናዮ ዝጸናሕና መሬት (ንብረት)/ መበገሲ ጌርና
- ንኹሉ ፊስካላዊ፣ ፋይናንሳዊን ሕጋዊን መንገድታት ብሓደ ክኢላን ምኩርን ኣማኻሪና ክንገጥሞ ተረዳዲእና።
- እዘን ክልተ ብሃይማኖተን ብዘይመጠን ዝግደሳን ዝሰርሓን ተባዓት መንእሰያት፡ ነዚ ሥረሐይ ኢለን ተዓጢቐን ለይቲ መስ መዓልቲ ክሠርሓሉ ጀሚረን።
- ንሓደ ኣብ ምሉእ ሆላንድ ኣብ ምግዛእ ቤተክርስትያናት ምኩርን ፈላጥን፡ ቀሪብና ደጋጊምና ብምዝርራብ፡ ኣብ ምግዛእ ዘድሊ ዘበለ ብኩሉ ወገን ክሕግዘና ምስኡ ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣቲና ክንሠርሕ ጀሚርና።
- ምስ'ቶም ዝሸጡ ዋናታት ቤተክርስትያን'ውን ቈጸራ ወሲድና ሰ/ጉባኤ፣ ኣማኻሪና ሒዝና ብዕቱብ ተዘራሪብናን፡ ክበርሃልና እንደልዮ ሕቶታት ብኣማኻሪና ብምቕራብ፡ ምድላዋትና ኣጻፊፍና፣ ኣብ ምስታፍ ክንኣቱ ብወገንና፡ ንኣማኻሪና ዘድልዩዎ ሰነዳትን ዘድልዩዎ ዝሓተተና ኣድላዩ ዝበሎ ፋቱራታትን ካልእን፡ ክንልእኽን እንዳ ተላዚብና ከነቕርበሉን ጸኒሕና።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብወገን ዋናታት ቤተክርስትያን'ውን ኣማኻሪና ብዝሓተቶ ሕቶ መሠረት ኣብ ምግዛእ ቤተክርስትያን ክንጽር ኣለዎ ዝበሎም ኣነጺሮም ሰዲዶምልና። እቲ ቅድም ዘይንጹር ዝነበረ ደሓር ዘነጸሩልና ከኣ፡ እዚ ቤት (ናይ ካቶሊክ ቤተክርስትያን ዝነበረ) ንናይ ምብራቕ ቤተክርስትያናት (ኦርቶዶክስ ተዋህዶን ኮፕቲክን) ዘዕንቅፍ ነገራት ኩሉ (ሕጋዊ ፍቓድ) ነጺሩ ብወግዒ ክወጽእ ዝተሓተተ ኢዩ ነይሩ። ዋናታት ደሓር እዚ ስለ ዘነጸሩዎ ንዓና ብዙሕ ዘሕጉሰናን ቀሲንና ተሳታፍነትና ንምዕዛዝ ዝጠልቡና ነገራት ከነዳሉን ልብና ኣውዲቕና ክንዓዩ ኣኽኢሉና ኢዩ። በዚ ኣብ ውዕል ናይ ምፍርራም (ነዚ ኩሉ ተማጒቱን ጽዒሩን ከሳልጠልና) እንዳ ተላዚብናን እንዳ ተመያየጥናን እንከሎና፡ እቲ ን 4 ኣዋርሕ ደሃይ ዘይነበሮ ኣማእካሊ (ኣቶ ቴድሮስ) ጽሒፍሉና። (ነቲ ዛንታ ኣብ ላዕሊ ምስ ኣቡና ባስልዮስ ዝተገብረ ርክብ ዝብል ቍ 1-(i) ተመልከት)።

ንሕና ነቲ ጽዕሩዕ ዝኾነ ሒዝናዮ ዘሎና ሥራሓት ለይቲ ምስ መዓልቲ ብቈጸራታትን ዝርርብን ምጽሕሓፍን እንዳ ሠራሕናሉ እንከሎና **እዞም ዝስዕቡ ኣሰከፍቲ ነገራት'ውን ማዕረ ማዕረ እቲ ናይ ቴድሮስ ክካየዱ ጀሚሮም፥**

(i) ን/ሃ/ስ ንሰበኻ ጉባኤ ናይ 'ከርክኽናኖትሰኻፕ' ሰጊሩን (ጥሒሱ) ባዕላዊ ውሳኔታትን ስጉምቲታትን ኣብ ጉዳይ ቤተክርስትያንና ደ/ሰላም መ/ዓለም ክወስድ ጀሚሩ። ኣብነት፥ ዝኾነና ናብ ሰ/ጉባኤ ደብዳበ ልኢኹ 'ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ንህዝቢ ኣንብቡሉ' ዝብል ትእዛዙ፡ እቲ ብዕለት 07-06-2026 ዝተነበበ (ውሳኔ ን/ሃ/ስ/) ኢዩ።

(ii) ሰበኻ ጉባኤ ናይ ትካል (stichting) ከኣ፡ ነዚ ዝተነበበ ደብዳበ ናይ ን/ሃ/ስ/ ምስ ሰማዕና ኣብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተመደበ ኣኼባና፡ እዚ ህጹጽ ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ተዘራሪቡሉ። ሓደ ጽሑፍ ተዳልዩ ናብ ን/ሃ/ስ/ ክለኣኽ ወሲንና። ንሱ ከኣ እቲ ብዕለት 11-06-2026 (4 ሰነ 2028 ግዕዝ) መዝ ቍ ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-644 ዝፍለጥ ዝተላእከ ደብዳበና ኢዩ። ትሕዝቶ ናይ ደብዳበና ብሕጽር ዝበለ፣

  ሀ- እቲ ን/ሃ/ስ/ ወሲዱዎ ዘሎ (ብዕለት 07-06-2026 ኣብ ቤተክርስትያንና ዝተንበበ) ውሳኔ ምስ'ቲ ቅ/ሲኖዶስ ዝወሰኖ ውሳኔ ናይ ምቛም ሓደነት ቤተክርስትያንናን፡ ምስ'ቲ ዝተገብረ ውዕል መስርሕ ናይ ምስግጋር (መርሓ ጉደና /stapenplan/) ዘይሳነ (ዝዋቓዕ ወይ ከኣ ዝጻረር ምኳኑ፣

  ለ- እኳ ደኣ ን/ሃ/ስ ኣብ ዘይምልከቶም ኢዶም ምእታዎም፣ ንሰ/ጉባኤን (stichting) ንኣማእካሊ (ቴድሮስ) ዝምልከት እምበር ንን/ሃ/ስ/ ዘይምልከት ምኳኑን ኢና ብጽሑፍ ገሊጽና ሰዲድናሎም።

  ሐ- ስለ ዝኾነ ከኣ ነዛ ውሳኔኦም ን/ሃ/ስ/ ክስሕቡዋ፣ ይቕሬታ ክሓቱላ'ውን ሓቲትናዮም። እዚ ምስ ዘይገብሩ ከኣ ሓያል ሳዕቤን ከም ዘለዎ ገሊጽናሎም (ንን/ሃ/ስ)፣

  መ- ቅዳሕ ከኣ ንዝምልከቶም ብመሳልል ልኢኽና (ምእንቲ እቲ ጉዳይ ክንጽረሎም ኢልና)።

(iii) ን/ሃ/ስ/ ግን ነዚ ኩሉ እዝኒ ኣይሃበሉን። ናብ ቤተክርስትያንና መጺኦም ዕለት 14-06-2026 ዓምፊ ኣብ ቤተክርስትያንና ዘስዓቡዎ ንህዝቢ ዝፈላሊን ዘጓነየን ኣናዓዓቢ ሥራሖም ከይኣክል፣ ንኣባላት ናይ'ዛ ንቤተክርስትያንና ክትምዕብል ዝጸዓሩ፣ ሓድነታ ዓቂባ ናብ ቊምነገር ክትበጽሕ ናይ ነዊሕ ዕላማ ሒዞም ጽንዓት ዝተዓጥቁን ምኩራት ኣባላት ናይ ትካል (stichting)፣ ከም ነገር ኣነዓዓብቲ ኣስማቶም ኣብ ውሳኔኦም (Ref. PA 031/2026 ናይ ን/ሃ/ስ) ኣውጺኦም መጠንቀቕታ ሂቦሞም። (ብሕም እንተ ኢልኩም ዝስዕብ ዝኽፍአ ኣሎ ዘስምዕ) ኣጥቃዒን ወገናዊን ውሳኔኦም'ውን (ብፍሉይ መሪጾም ስለ ዘጥቅዑ)፡ ናብ ወጻኢ ስለ ዝዘርግሑዎ ኩሉ ሰብ ተመልኪቱዎ። እዚ ውሳኔ ናይ ን/ሃ/ስ ብወገንና ቅቡል ከም ዘይኩነን ካልእ ዕላማ ዝሓዘለን ምኳኑ ገምጊምና ኣሎና።

(iv) ነቲ ኣብ ዕለት 07-06-2026 ዓምፊ ኣብ ቤተክርስትያንና ንኩሎም ተሳተፍቲ ምእመናን ዝተነበበሎም፡ ኣብ ቍ 2 ዝተጠቕሰ ውሳኔ

ናይ ን/ሃ/ስ/ መሠረት ብምግባር፡ እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ! ኢልና ንሕና ከኣ ናብ ኣቦታትና ቅ/ሲኖዶስን ምም/መ/ፓትርያርክን ነቲ ዘሎ ምዕባለታት ክንገልጸሎም ተቐሲብናን ልኢኽናን።

(v) ካልእ ኣብ ቤተክርስትያንና ክካየድ ዝጸንሐ ብዓቕሊ ክንሓልፎ ዝጸናሕና፡ ገለ ካብ ብጣዕሚ ብዙሕ ኣሰካፊን ኣተሓሳሳቢን ጥሕሳ-ሕጊታትን ጉድለታት ብምጥቃስ፡ ንጉዳይ ምምስራት ሕጋዊ ሓድነት ቤተክርስትያንና ዝሃሲ ምኳኑ ከነስምረሉን ንብጹዓን ኣቦታት ቅ/ሲኖዶስ ምም/መ/ፓትርያርክ ዘገንዝብናዮም ክንሕብረኩም ንፈቱ፥

- ሕጋዊ ኣካይዳን ሥርዓትን ቅድስቲ ቤተክርስትያን ኤርትራን፡ ውሽጣዊ መምርሒን ዘይክተል ንሰበኻ ጉባኤ ቤተክርትያን ጥሒሱ፡ ን/ሃ/ስ ባዕሉ ዘካይዶ ዘሎ ሥራሓትን ውሳኔታትን፡ ኣጥቃዒ ስጉምቲታት ህዝቢ ዝርእዮን ዝመረሮን ምኳኑ፣
- ን/ሃ/ስ ኣብ ዘየእትዎ ጉዳይ ናይ ሰበኻ ጉባኤ 'ከርክኽኖትስኻፕ' ኢድ ዘእቱ ምኳኑ መረጋገጺ ብምኳኑ፡ እዚ ሥራሖም ኣብ ሓድነት ሰበኻ ጉባኤ ምፍልላይ ፈጢሩ ከም ዘሎ ዘርኢ ሓደገኛ ተርእዮታት እንዳ ተዓዘብና ከም ዝጸናሕና'ሞ ንህዝቢን ንኣመሓደርቲን ብዙሕ ኣተሓሳሲቡና ከም ዘሎ ንገልጽ፣
- ብተግባር ከኣ፡ ኣብ ህዝቢ'ዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ብዙሕ ምፍልላይ ዘንጸባርቑ ኩነታት፡ (እቶም ናትና እቶም ካልኦት ዝብል ፈላላዩ ነገራት) ዝበዝሓሉ ዘሎ ተርእዮታት ተኸሲቱ፡ ብውሽጢን ብጋህዲን ይድፋኣሉ ኢዩ ዘሎ። እዚ ተኣማሚንካ ኣብ ምሥራሕን ንሓድነትን ኣዝዩ ሃሳዩ ምኳኑ ሰበኻ ጉባኤ ትካል (stichting) ስካፊኡ ይገልጽ።
- እዚ ንነዊሕ ጊዜ ንሓድነት ህዝቢ ዝሃሲ ኣካይዳ ን/ሃ/ስ፡ ወገናዊን ኣጥቃዒን ኣካይዳን፡ ንህዝቢ ኣብ ዝኸፍአ ምትፍናን ኣእትዩ ብሰንኪ ሕማቕ (ንስኒት ፍቕሪን ሓድነትን ዘይሠርሕ) ምሕደራኦም ኣብ ኣዝዩ ተሃዋሲ መድረኽ ኣትዩ ምሕላዉ የተሓሳስበና።

(vi) ናይ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኩነታትን፡ ምናልባት ካልእ ንሕና ዘይንፈልጦ ክህሉ ዝኽእል (ዘይትገልጸ) ነገራትን፡ ነዚ ህዝቢ'ዛ ቤተክርስትያን ኣተፋኒኑ ከምዘይስጉም ገይሩዎ ይርከብ። ርኡይ ወገናዊን ኣጥቃዒን ስጉምቲታት(ውሳኔታት) ናይ ን/ሃ/ስ፡ ንህዝቢን ንብዙሕ ዝተወጠኑ መደባትን፡ ብፍላይ ድማ ነቲ ውሳኔ ቅ/ሲኖዶስን ውዕል መስርሕ ናይ ሓድነትን ዘቋናጸበን ዝሃሲን ብትእዛዝ ዝካየድ መጥቃዕታዊ ስጉምቲታቶም፡ ምትእምማን ዘጒድል ስለ ዝኾኑ፡ ብዙሕ ዘተሓሳሰበና ምኳኑ ንገልጽ ኣሎና። ን/ሃ/ስ/ እዚ ዝተጠቕሰ ካልእን ሕማቕ ሥራሑ ኩነ ኢሉ የካይዶ ካብ ሃለወ፣ ነቲ ውሳኔታትን ውዕልን ናይ ምቛም ሓድነት ህዝቢ ዝጥሕሶ'ውን ካብ ሃለወ፣ ነቲ ንሓድነትናን ንረብሓ ቤተክርስትያንናን ተዓጠቕና ክንሠርሓሉ ዝጸናሕና ዕላማ ዘፍርስ ከይከውን ኣስጋኢ ኰይኑ ይርከብ። ነቲ ብተግባር ዘጋጥም ዘሎ ዝተጠቕሰን ክዉንነት ክግምግሙዎን፡ ዝሓሸ መፍትሒ ከነድዩን ንብጹዓን ኣቦታት'ውን ዕዙዝ ምትሕስሳብናን ለበዋናን ክቐርበሎም እዋኑ ዝጠልቦ ኢዩ።

(vii) ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት'ውን ጸሓፊ ናይ ሰበኻ ጉባኤ 'ከርክኽኖትስኻፕ' (ኣቶ ሳ/ኣበበ) ምስ መሣርሕቱ ሰበኻ ጉባኤ ከይተላዘበን ከይተማኸረን፡ ብኢደወነኑ (ከም ወትሩ ንዕኡ ዝሕግዙን ዝሰርሑሉን፡ ሓደ ኣባል ን/ሃ/ስ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያንና ዘሎን፡ ዝጽሕፈሉን ካልኦትን) ናብ ዋናታት ቤተክርስትያን ዝለኣኾ መልእኽቲ፣ ነቲ ኣብ ገምገም ናይ ስምምዕ ቀሪብናዮ ዝነበርና ንረብሓ ህዝቢ'ዛ ቤተክርስትያንና ዝጠቅም ምግዛእ ቤተክርያን፡ ከም ዝይንሰማማዕ ኣቕሪቡ ንተሳታፍነትና ኣብ ሓደጋ ኣውዲቑዎ ይርከብ። ነዚ ዝምልከት ብፍሉይ ንቤ/ጽ/ቅ/ሲኖዶስን ንቤ/ጽ/ምም/መ ፓትርያርክን'ውን ከም ዝፍለጥ ምግባር ግቡእ ኢዩ።

(viii) እዚ ኩነታት ሓድነት ህዝቢ ብኢድ ምትእትታው ን/ሃ/ስ/፡ ከምኡ ከኣ ዘይሓላፍነታዊን ዘይግቡእን ዝኾነ ወገናዊ ኣካይዳ ናይ ኣማእካሊ ሰብን (ቴድሮስ)፡ ምስ ውሳኔ ቅ/ሲኖዶስ (ብኣቡነ ዮውሃንስ ጸሓፊ ዝተላእከልና) ተደሚሩ፡ ነቲ መሥርሕ ሓድነት ናብ ዘይተደልየ ምዕባለ ኣእትዩዎ ከም ዘሎ፡ ርዱእን ግሉጽን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ዝኾነ ይኹን ገንዘባውን ንብረትን ምምሕልላፍ ዘይሓላፍነትዊ ከም ዝገብሮ'ውን (ጥንቃቐ ዘድልዮ ምኳኑ) ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ዓቢን ኣገዳሲ ነጥቢ ኢዩ። ሃገረስብከት ኤውሮጳ ንባዕሉ ጸብጻብ ኣቕርብ ተባሂሉዎን ካልእ ስጉምቲታት ብቅ/ሲኖዶስ ዝተኻየደሉን ጊዜ ኢዩ።

***መደምደምታ፥***

ንሕና ሰበኻ ጉባኤ ትካል (stichting) ኣብ ምትእምማን ዘይብሉ ኩነታት ዘእተዉና ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን፡ ምናልባት ብሕጂ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ኣሉታዊ ምዕባለታትን፡ ብዙሕ ኣተሓሳሲቡና ከም ዘሎ ብምግላጽ፣

- ብፍላይ እቲ ከማእከለኩም ኢሎም ኣቦና ብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ዝሃቡና ሰብ (ኣቶ ቴድሮስ በርሀ)፡ ናብ ዘይምትእምማን ኣእትዩና ከም ዘሎን ክንገልጽ ንደሊ። እዚ ከኣ ብሓላፍነት እሠርሕ ኣለኹ ኢሉ ካብ ዝጅምር፡ ነቲ ምስኡ ሓቢርና ዘዳለናዮ መርሓጉደና ኣብ ክንዲ ኣብ ምትግባሩ ዝዋፈርን ብዕቱብ ዝሠርሓሉን፣ ኣብ ምሕደራ ቤተክርስትያን (ናይ ሰበኻ ጉባኤ 'ከርክኽኖትስኻፕ') እውን ኢዱ እንዳ ኣእተወ፡ ብዙሓት ኣሰከፍቲ ጉዳያት ዝረኣናሉ፣ ዝተዓዘብናሉን ዝሰማዕናሉን ስለ ዘሎን፣
- ምስኡ ከኣ ሓድነት ቤተክርስትያን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ይወድቕ ዝረኣየሉ ዘሎን፣ ኢድ ምትእትታው ናይ ን/ሃ/ስ ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ሰ/ጉባኤን፣ ፈላልዮም ከም ዘይሠርሑ ምግባርን ንኩሉ ን/ሃ/ስ/ ከም ዝውሰናን ግሁድ ኩሉ ምእመን ዝሪኦ ምኳኑን፣
- ን/ሃ/ስ/ ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይ መሥርሕ ሓድነት ቤተክርስትያን ኣትዩ፡ ብኣቋራጭ (ውሳኔ ኣቦታትን ውዕላትን ግሂሱ) ዘየድልዩ ውስኔታትን ብምውሳድ፡ ንህዝቢ ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣብ ነውጺ ዘእተዎን፡ ድንግርግር ዘስዓበሉን ኰይኑ ዝርከብ፣
- ኣብ ጉዳይ ሓድነት ቤተክርስትያን ኢድ ብምእታው ን/ሃ/ስ ዘወሰዶ ውሳኔ፡ (ብዕለት 07-06-2026 ዝተነበበ) ውሳኔታቱ 'ብቕልጡፍ ኣብ ግብሪ ኣውዕልዎ' ኢሉ ንሰ/ጉባኤ 'ከርክኽኖትስኻፕ' ክእዝዝ እንከሎ፣ እቲ ኣማእካሊ ሰብ፡ ኣቶ ቴድሮስ ከኣ ሱቕ ኢሉ ዝዕዘብ ዘሎ። ኣቶ ቴድሮስ ንን/ሃ/ስ/ ኣብ ዘይጉዳይኩም ኣይትእተዉ፣ ንዓይን ንሰ/ጉባኤ ናይ ትካል (stichting) ኢዩ ዝምልከት፡ ኢሉ (ንን/ሃ/ስ) መልሲ ዘይምሃቡ፣ ነቲ ናይ ሓድነት መሥርሕ ውዕል ክከላኸለሉ ዘይምኽኣሉን ንዓና ኣብ ጥርጣረን ሻቕሎትን ዘእተወና ኩነት ኢዩ። ብጹዓን ኣቦታትና ኣማእካሊ ኢሎም ንኩሉ ብሕጊን ሥርዓትን ብሓደ ዓይኒ ርእዩ ክሠርሕ ዝሃቡዎ ሓላፍነት ዘንጊዑ፡ ምስ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኰይኑ ኣንጻርና ዘይክዉንን ጸብጻብ (ብቃል ወይ ብጽሑፍ) ኣሕሊፉ (ቅዳሕ ንዓና ከይሰደደ) እዚ ትኽክል ዘይኰነ ብቅዱስ ሲኖዶስ ውሳኔ ኣብ ርእሴና ከም ዝውሰድ ገይሩ ኣሎ።
- ብዓቢዩኡ ድማ ነቲ ንህዝቢ ዝጠቅም ምግዛእ ናይ ቤተክርስትያን ብሓደ ሓደ ውልቀ ሰብ (ጸሓፊ ጽሒፎም ዝሃቡዎ ሰበኻ

ጉባኤ ዘይተሰማማዓሉ) ናብ ዋናታት ዝተላእከ ጽሑፍ፡ ብሓደ ከም ዘይንሥርሕ ዝተጻሕፈሎም ኣሰንቢዱዎም ከም ዘሎ፣ ጽሑፎም ዝለኣኹልና ምኳኖም ብሓቂ ተሰሚዑና፣ ገለ ይሃንጽ ገለ ካኣ ዘፍርስ ኣካይዳ ብምኽሳቱ ኣሕዚኑና ኣሎ።

## 3- ሓደስቲ ምዕባለታትን ሳዕቤናቶምን፤

***መተሓሳሰቢ፥***

***እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሒፍና (ኣጻፊፍና) ናይ መውዳእታ ናብ ብጹዓን ኣቦታት ክንልእኻ እንዳ ተዳለና እንከሎና ብዕለት 20-06-2026 ዓምፈ. እዞም ዝስዕቡ ሓዲሽ ምዕባለታት ተራእዮም፥***

- ብብጹዕ ኣቡነ ዮውሃንስ (ዋና ጸሓፊ ቅ/ሲኖዶስ) ዝተፈረመ ማሕተም ተነቢሩሉ ዘሎ ናይ ዕለት 19-06-2026 ዓምፈ. ብመዝ ቍ ቅሲ/02/1165/107 ዝፍለጥ፡ ናብ 'ነባራት ሰ/ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ' ዝብል 5 ዝርዝር ኣስማትና ብምጥቃስ፡ ብኢመይል ዝተላእከልና ንምእማኑ ዘሸገረና ደብዳበ ኢዩ። ብሓቂ ዲዩ ካብ ኣቦታት ከም'ዚ ዓይነት ውሳኔ (እሞ ንዓና ከይተወከሱ) ተወሲኑ? ምእማኑ ስኢንና ኣሎና። እቲ ዝገረመና እምበኣር ነዚ ውሳኔ'ዚ ንምውሳድ ምኽንያት ዝኾኑ 9 ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥቢታት፡ ንሕና ዝፈጸምናዮም ጉድለታት ዲዮም፤ ዝብል ሕቶ ኣልዒልና መልሲ ክንህበሉ ግድነት ይኹነና ቅድሚ ናብ መልሲ ምሃብ ምእታውና፡ ብምጀመርታ ክንብሎ እንደሊ. ግን፡ ነቲ 'ዘረባ ክልተ ከይሰማዕካ ኣይትፍረድ ዝብል ኣህጉራዊ ኣሠራርሓ'ውን ዝተኸተለ ውሳኔ ከም ዘይኮነ ኢዩ።
- ነቲ ብሓደ ወገን (ብቴድሮስ) ተነጊሩ/ተጻሒፉን ተላኢኹን ዝቐረበሎም ጸብጻብ ወይ ቅድመ-ፍርዲ? ተመርኲሶም እምበር፡ ናይ ክልቴና ወገን ሓሳብ ሰሚዖም ዝተወሰነ ከም ዘይኮነ እንዳ ኣነጸርና፡ በዚ ውሳኔ'ዚ ብዙሕ ተበዲልና ኣሎና።
- ን/ሃ/ስ/ እውን ከምኡ ዘይከውን ነገራት ብዛዕባና እንዳ ጸብጸበን እንዳ ጸሓፈን፡ ስምና ኣብ ምጽላም ብዙሕ ልኢኹ ኢዩ።
- እቲ ዝገርም ኣብ'ዚ ሓለፈ ዓመታት ከም'ዚ ክኸይድ ጸኒሑ፡ ዋላ ሓቂ ምስ ተወለዐትን ደሚቓ ምስ ረኣዩዋን'ውን ከም ቀደም ብካለኦት ዝቐርበሎም ጸብጻብ፡ ይኹን ዝበጽሖም ዘረባ/ጽሑፍ/ወረታትን፡ ንሕና ኩሉ ጊዜ ክንጥቃዕ ምንባርና ኢዩ። ኤውሮጳ ብምሕደራን ፋይናንስን ባዕሎም ብጹዓን ኣቦታት ኣሰካፊ ኩይኑ ንሃገረ ስብከት ኤውሮጳ ጸብጻብ ኣቕርቡ ኢሎም፡ ጌና እቲ ሃሰያ ክሳብ ክንደይ ምኳኑ ኣብ ዘይፈለጡሉ ጊዜ፡ ነታ ክትጥቃዕ ዝነበረት ቤተክርስትያንና ምልክት ጽንዓትን ጽፈት ኣሰራሓን ዝኾነት ትካል ቤተክርስትያንና ደ/ሰላም መ/ዓለም መመሊሳ ከም እትጥቃዕ ምግባሮም ጽቡቕ ዲዩ፤ መ/ዓለም ዓይንናን ልብናን ኣብሪሁ ኣእምሮናን እዝንናን ድማ ይኽፈተልና እምበር ህዝቢን ኣመሓደርቲ ሰ/ጉባኤንሲ ኩሉ ጊዜ ኣንቃዕሪሩ የእዊ ኢዩ ዘሎ።

**እቲ ዝተሰማማዕናዮ ጽሑፋዊ ውዕል - መርሓጕደና ብሓጺሩ ኣብ ቀረጽ ዝምልከት እንታይ ኢዩ ዝብል?**

- ⇨ ነቲ ኣብ ምምሕልላፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ዝተገዝአ መሬት) ብናይ መንግስቲ (Belastingdienst) ዝሕተት ቀረጽ (overdrachtsbelasting)፡ ቴድሮስ ንብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ብሓላፍነተይ ከም ዘይክፈሎ ገይረ (ብነጻ ከም ዝመሓላለፍ ክገብሮ ኢየ) ዝሃቦም ቃሉን፣ ኣብ ውዕል ዝኣተወ ኢዩ። ነቲ ሰነድ ክሳብ ዝሰደልና ክንጽበዮ ወሪሕና፣ ግን ኣይሰደደን። ነቲ እዚ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ stichting ኩይኑ ዘዋህለሎ ገንዘብ፡ ቀረጽ (10.4%) ክኸፍል ሕጊ የገድድ ኢዩ። (ኣባና ካብ € 100.000,- (ሚእቲ ሺሕ) ንላዕሊ ቀረጽ ክንከልፍ ክንግደድ ንኽእል ማለት'ዩ)። እዚ ህዝቢ ጨቐቕ ኢሉ ዝኣከቦ ገንዘብ'ዚ ከይጠፍእ ኢና እቲ ውዕል ተገይሩ. ንሕና'ውን ክንሥርሕ ጸኒሕና። ግን ቴድሮስ ነዚ ውዕል ኣፍሪሱዎ። ንኣቦታት ብዘቕርቦ ናይ ቃል ወይ ጽሑፍ ጸብጻቡ፡ ብኣቋራጭ መንገዲ ኣቦታት 'ቀልጢፍኩም ኣመሓላልፉዎ' ኢሎም ውሳኔ ከም ዝሰዱልና ተገይሩ።
- ⇨ ቴድሮስ ነታ ውዕል ገዲፉ/ፈሪሳ፡ ብውሳኔ ናይ ኣቦታት ከም እትኸውን ምግባሩ፡ ነታ ሕጊ ናይ ነዘርላንድ 'መሬት ቀረጽ (10.4%) ክኸፍል ሕጊ የገድድ ኢዩ' እትብል ከይሕተተላ ምእንቲ ኢዩ (ንኣቦታት የታትልሎም ኣሎ ማለት'ዩ)።
- ⇨ ብካላኣይ ደረጃ ክረአ እንከሎ፡ ብኣቦታት ውሳኔ ከም ዝሰደደልና ክግበር ዝጸዓረ (ብዙሕ ጌጋታት ከም ዝገበርና ስምና እንዳ ኣጸለመ) ድማ፡ ንዓና ንሰበኻ ጉባኤ ኣብ ዕዳ የእትወና ኣሎ። ንሱ ንነብሱ ነጻ የውጽኣ ኣሎ ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ነታ ኣብ ውዕል ዝ ኣተዋ "ብዘይ ቀረጽ ነቲ ዝተገዝ አ መሬት ከመሓላልፎ እእእኽእል ኢየ" ዝበላ ከም ዘይትከኣል ፈሊጡ ብሽጣራ ካብኣ ምምለጢ ብልሓት ስለ ዝፈጠረ (ኣቦታት ከም ዘውስኑ ብምግባር)።
- ⇨ እዚ ስትራተጂ እዚ ኣውጺኡ ኢዩ ንዓናን ንብጹዓን ኣቦታትን ኣታሊሉና ዘሎ። ብፍላይ ንሕና ሰበኻ ጉባኤ በዚ ውሳኔ ናይ ኣቦታት (ናይ ዕለት 19-06-2026 ዓምፈ) ከም እንግደድ እሞ ሕራይ ኢልና እንተ ኢልና ኣብ ምምሕልላፍ መሬት ዕዳና ዝኸውን ዘሎ 10.4% (ኣስታት € 100.000,- ወይ ካብኡ ንላዕሊ) ክንከፍለሉ ክንግደድ ስለ ዝገብረና። እዚ'ዩ እቲ ሽጣራኡ።
- ⇨ ከም'ታ ውዕል ዝፈረመላ ቴድሮስ እታ <u>'ብዘይቀርጽ እቲ መሬት ከም ዝመሓላለፍ ክገብር እኽእል እኽእል ኢየ'</u> ዝበላ ካብ Belastingdienst ዕላዊት ሰነድ እንተዘቕርበልና ነይሩ። ነቲ ድሕሪ'ሰነድ ምቕራባ ክትግበር ዘለዎ ኣብ ውዕል ዘሎ ነገራት ክንትግብር ምጀመርና ነይርና። ቴድሮስ ግን ሰነድ ኣየቕረበልናን።

**4- እቲ (ንውሳኔ/ፍርዲ እውን ክጥዕሞም ምእንቲ) ካብ ብጹዓን ኣቦታት ኣቐዲሙ ክግበር ዝግባእ ዝነበሮ እንታይ ኢዩ፤**

ሀ- ቅ/ሲኖዶስ (ብጹዕ ኣቡነ ዮውሃንስ) ንዓና እንተላይ ብምውካስ መሰል ናይ ምቕራብ ሓሳባትና ምሕላው፣

ለ- ከምኡ ከኣ ነቲ ብኣቶ ቴድሮስን ዝቐረበሎም ጸብጻብ ናባና እንተላይ (ቅዳሕ) ክለኣኽልና ምግባር፣

ሐ- ከምኡ ከኣ ብን/ሃ/ስ/ ዝተላእከሎም ጸብጻብ (ብዛዕባናን ሥራሕናን ዝምልከት) እንተሎ፡ ከም'ዚ ይበሃለኩም ኣሎ'ሞ እንታይ ትብሉ፤ (መልስኹም ሃቡሉ ክብሉና) እንተዝበሃለና ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ! ግን ኣይተገብረን፣

መ-ንዓና ንሰበኻ ጉባኤ ትካል ቤተክርስትያን ሕቶ መልሲ ክንህበሉ ዝሓተተና ወይ ምኽሪ ይኹን ተግሳጽ ዝሓዘለ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ዝተወከሰና ወይ ዝበጸሓና መልእኽቲ የለን፣

ሰ- ኣቶ ቴድሮስ በርሀ ጸብጻብ (ናይ ዝዝርብና) ንቅ/ሲኖዶስ የቕርበሎም ከም ዝነበረ ኣብ ውሳኔኦም ተጠቒሱ ኣሎ። ናይ'ቲ ዘቕርበሎም ጸብጻብ (ብቃል ይኹን ብጽሑፍ) ግን፡ ንዓና ቅዳሕ ክለኣኽልና ዘይምግባሩ፣ ስለዚ ንሱ ዘቕረቦ ጸብጻብ ብቅዳሕ ክንፈልጥ መሰል እንከሎና፡ ኣብ ናይ ቴድሮስ ዘቕርቦ ጸብጻብ ጥራይ መሠረት ብምግባር ኣብ ልዕሊ ሰበኻ ጉባኤ ትካል ዝወሰዱዎ ውሳኔ ኢዩ።

ሠ- ናይ ን/ሃ/ስ/ ዝልእኩሎም'ውን ከም'ኡ ቅዳሕ ኣይሰደደልናን'ዩ። ቅ/ሲኖዶስ እምበኣር ናይ ሓደ ወገን ጥራይ ዝረኸቡዎ ጸብጻብ ተጠቒሞም እቲ ውሳኔኦም ወሲኖሞ። ስለዚ ኢዩ እቲ ውሳኔ ኣብ ክዉንነት ዘይተመርኩሰ፡ ንዓና ዝሃሲ ኩይኑ ቀሪቡ ዘሎ። ንብጹዓን ኣቦታት ዘይተገለጸሎም ነገራት ከም ዘሎ ኣብነት ክንህበኩም እንደሊ፥

- ብዛዕባ ጉዳይ መስርሕ ሓድነት ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣቶ ቴድሮስ ምስ ቅ/ሲኖዶስ ኣብ ልዝብን ዝርርብን እንድሕር ዘይጸንሐ ኩይኑ፡ ስለምንታይ ደንጕኻ/ደንጕኹም? እንታይ ኢዩ እቲ ምኽንያት…. ዝብል ሕቶ (ንቴድሮስ) ሓቲተሞዶ ይኹኑ? ንሕናኸ ክንሕተት ኣይግባእን ዷዩ? ሕጂኸ ኣቶ ቴድሮስ ነቲ ስምምዕ (መርሓጉደና ዝተፈራረምናሉ) ገዲፉ፡ ንዓና ኣብ ዕዳ ኣእትዩ (እልቢ ዘይብሉ ቀረጽ ንመንግስቲ ከም እንኸፍል ይገብር ከም ዘሎ ተረዲእዎምዶ ይኸውን? ንሱ ግን ካብ'ቲ ስምምዕ መህደሚ፡ ኣቋራጭ ቅ/ሲኖዶስ ከም ዝውሰን ገይሩ፡ ንነብሱ ነጻ ገይሩ ይሃድም ከምዘሎ ንኩሉ ሓደ ክበርሃሉ ይግባእ።

እዚ ናይ ዘዕሩይ ምሕደራ ሱቕ ኢልካ ዝረአ ኣይኩነን/ኣይግባእን ከኣ ኢዩ'ሞ፡

- ⇨ ንኣቶ ቴድሮስ ኣብ ውዕል ዝገበሮ ጉድለትን ዘይእሙን ኣሠራርሓኡን ብሕጊ ክሕተተልና ናብ ቅ/ሲኖዶስ ኣመልኪትና ኣሎና፣
- ⇨ ቅ/ሲኖዶስ ነዚ ብዕቱብ ክሪኦ ኣዕዚዝና ብምሕታት፡ ንሕና ኣሰዒብና እነቕርቦ ሰነዳትን መርትዖታትን ከም ዘሎ'ውን ገሊጽና፣
- ⇨ ኣቶ ቴድሮስ ምሳና ኣብ'ዚ ክሰርሖ ዝጸንሐ ጉዳይ ቤተክርስትያን ጥሕሳ ሕጊን ውዕልን ስለ ዘፍረሰ፡ (ነቲ ዝተፈራረምናሉ መርሓጉደና ከም ዘይሠርሕ ስለ ዝገበረ)፡ ንሕና ካብ ዕለት 23-06-2026 ዓምፈ (ጀሚሩ ምስኡ በዚ ጉዳይ'ዚ ከም ዘይንሠርሕ ኣፍሊጥና/ነፍልጥን ኣሎና።

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተመርኩስና ንቶም ኣብ ውሳኔ ዝቐረቡ ነጥቢታት፡ ሓደ ብሓደ መልሲ ክንህበሎም ግድነት ስለ ዝኾነና ናብ ብጹዓን ኣቦታት መልሲ ነቲ ብቅ/ሲኖዶስ ዝበጽሓ ደብዳበ ናይ ዕለት 19/06/2026 ዓምፈ ቍ መዝ ቅሲ/02/1165/107 ዝለኣኽናሎም እነሆ ህዝቢ ንኣፍልጦኻን ሓበሬታን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ንልእከልካ ኣሎና።

ብቐጽሪ ናይ ውሳኔ ዝሃብናዮም መልሲ እነሆ፥

ቍ 1 ብዝምልከት ➔ ሰ/ጉባኤ ናይ (stichting) ኣብ ጉዳይ ምሕደራ ናይ ሓደስቲ ሰ/ጉባኤ ኢድና ኣእቲና ኣይንፈልጥን። ንሰ/ጉባኤ ክትውከሱዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ቍ 2 ብዝምልከት ➔ ሰ/ጉባኤ ኣብ ምስግጋር ዝነቀሳቐሰን ዘይንቀሳቐሰን ንብረት ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ምስግጋሩ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሐ መርሓጉደና ኣሎ። ኣብ'ቲ ስምምዕ ዘሎ፡ ኣቶ ቴድሮስ ኣቕሪብልኩም እንተኾይኑ፡ ንሱ ብዝወሰዶ ሓላፍነት ናይ ምምሕልላፍ ቀረጽ ከም ዘይክፈሎ ምስ ተረጋገጸ ኢዩ እቲ ካልእ ዝተግበር። (እዚ ከኣ ብሓላፍነት ኣቶ ቴድሮስ ዝካየድ ምኻኑ)፡

ኩይኑ ግን ኣቶ ቴድሮስ ነቲ ኣብ ስምምዕ ናይ መርሓጉደና ዘሎ 'ብዘይ ቀረጽ ምምሕልላፍ ንብረት' ዝብል ኣገዳሲ ቅድመ-ኩነት፡ ክሳብ ሕጂ ኣየረጋገጸን፣ ኣይለኣኸልናን። ን 4 ኣዋርሕ ዝኣክል ዋላ ሓንቲ ርክብ ምሳና ኣይገበረን።

ቍ 3 ብዝምልከት ➔ሰ/ጉባኤ ናይ (stichting) ዝመሓላለፍ ዘይሕጋዊ መልእኽቲታት የለን። ኣቶ ቴድሮስ ኣጽቂጡ ሱቕ ኣብ ዝበለሉ ጊዜ፡ ን/ሃ/ስ/ ንዐኦም ዘይምልከት (ኣብ ውዕል ናይ ዝገበርናዮ መርሓጉደና ምስ ኣቶ ቴድሮስ) ዘይምልከቶም ኢድ ምእታው ስለ ዝፈጸሙ፡ ንሕና ከኣ 'ንዓኹም ዝምልከት ኣይኩነን' ኢልና ኢና መሊስናሎም። ኣቶ ቴድሮስ ግን ነዚ መልሲ ከይሃበ ኣጽቂጡ ሱቕ ኢሉ። ነቲ ዝገበርናዮ ውዕል ኣብ ክንዲ ዝከላኸለሉ ተሓባባሪ ኩይኑ ከም ዘሎ ኢዩ ዘርኢ። ተመሊሱ ምስ ን/ሃ/ስ/ ኩይኑ ብምሥራሕ ንመኽሰሲና ተጠቒምሉ። እዚ ሥራሑ እዚ ከኣ ንኣቶ ቴድሮስ ወገናዊን ዘይተኣማኒን ይገብሮ።

ቍ 4 ብዝምልከት ➔ ሰ/ጉባኤ ሓደ ተራ ጽሑፍ ገይሩ ክልእኽ እንድሕር ኩይኑ፡ እቲ ኣባል ብርግጽ ናትና ሓበሬታ ዷዩ ክቕበሎ

እይክእልን ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ሕጋዊ መደምደምታ ምስ ተገብረ፡ ተግባራዊ ሓድነት ክሳብ ዝፍጸም ክሳብ ሕጂ ኣብ ትሕቲ (stichting) ዘሎ ህዝብና እቲ ሓበሬታ ውሑስ (ፍሉጥ) ምእንቲ ክኸውን፡ በቲ ናይ ኩሉ ጊዜ እንጥቀመሉ ልሉይ ዝኾነ ወረቐትና ገይርና ኢና ክንሕብሮም ዝግባእ። ሕዝብና ናይ መን ጽሑፍ ኢሉ ከይደናገር ሓበሬታ ልኢኽናሎም እምበር ካልእ ኣሉታዊ ነገር የለን ዝገበርናዮ የለን።

ቍ 5 ብዝምልከት ➔ ነቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ ትሕቲ "ለ- ድሕሪ ውዕል ስምምዕ መርሓጉደና ዝሰዕቡ ምዕባለታት፥" ብዛዕባ ምዕዳግ ቤተክርስትያን ንህዝቢ'ዛ ደ/ሰላም መ/ዓለም ገሊጽናዮ ዘሎና ክትምልከቱ'ሞ ንረብሓ ቤተክርስትያን ምድላዋት ክንገብር ከም ዝጸናሕና መረዳእታ ክትወስዱ ብኽብሪ ነተሓሳስበን ንላቦን። መን ምስ በኹሪ መን ረብሓ ህዝቢ ተገዲሱ ተበጊሱ ዘነጽር'ዩ።

ቍ 6 ብዝምልከት ➔ "…ብኣቶ ቴድሮስ ዝተወጠነ መርሓፍኖት ኣይተተግበረን…" ዝብል ኣብ ውሳኔ ቅዱስ ሲኖዶስ ተጠቒሱ ዘሎ። ነቲ መርሓፍኖት (መርሓጉደና) ብሓባር ንነዊሕ ጊዜ ኣዳፊናን ዘቐምናዮ ኢዩ። ንሕና ከነተግብሮ ከም ዘይከኣልና ተበሂሉ ዘሎ ፈጺሙ ትኽክል ኣይኩነን። ንሱ ብሓላፍነት ከረጋግጾ ዘለዎ ጉዳያት ስለ ዘይፈጸመ ኢዩ። ኣብ ውዕል መርሓፍኖት (መርሓጉደና) ዘሎ ኩሉ ክትምልከቱ ትኽእሉ።

ቍ 7 ብዝምልከት ➔ ጸብጻብ እነቕርቦ መዓስ ምኻኑ ኣብ ውዕል መርሓ ጉደና (መርሓ ፍኖት) ተመዝጊቡ ስለ ዘሎ፡ በዚ ኣብ ደብዳበኦም ጠቒሰኩሞ ዘለዉ ዝፍጸም ኣይኩነን። ሕጋዊ መሥርሕ ሓሊፉ ክትግበር ስለ ዘለዎ፡ ብመሠረቱ እዚ ኩሉ ቴድሮስ ሓላፍነቱ ስለ ዘዘንገዐን ንዓና ንምጥቃ ምስ ን/ሃ/ስ/ ወጊኑ ዝንቡዕ ዘኾነ ሓበሬታታት ናብ ቅ/ሲኖዶስ ስለ ዘመሓላለፈ ኢዩ።

ቀ· 8 ብዝምልከት ➔ ሕጋዊ ዝኾነ ተግባራዊ ሓድነት (መደምደምታ) ከይተረጋገጸ፡ ኣብ'ዚ ሓጺር ጊዜ ዝተርእየ ኪደት ግን፡ ን/ሃ/ስ/ ብጉድኒ ምስ ኣቶ ቴድሮስ ተሓባቢሩ ንስምምዕ ኣፍሪሱ ዝገብሮ ዘሎ ኢዩ። እዚ ኣሠራርሓ ትኽክል ኣይኮነን።

ቀ· 9 ብዝምልከት ➔ ንሕና ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ወጺእና ዝተዛረብናዮ ወይ ኢንተርቪው ዘካየድናዮ ፍጹም የለን። ሰ/ጉባኤ (ናይ stichting) እዚ ዝበልኩሞ ገይሮም ዝብል እንተሎ መረጋገጺ ክቐርቡ ኣለዎም (ንዓና ንምትቃዕ ዝተበገሰ ሥራሕ'ውን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ጭብጢ ከይቀረበ ንሃሰያና ክውዕል ግን ግቡእ ኣይኮነን። እቲ ብዛዕባ ትካል (stichting) /ቤተክርስትያንና/ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ኣንጻርና ዝጸሓፍ ዘሎ ግን ኣብ ውሳኔ ናይ ቅ/ሲኖዶስ (ኣብ ደብዳበኦም) ኣይጠቐሱዎን።

***ጠርናፊ መደምደምታ፥***

1- ብወገን ሰበኻ ጉባኤ ናይ (stichting) ኣቶ ቴድሮስ ናቱ ጉድለት ንዓና ንምጥቃዕ ስለ ዝተጠቐመሉ፣ ሓቅነት ዘይብሉ ጸብጻብ ብምምሕልላፉ ንሕናን ኣመሓደርቲን፡ ኣብ ትሕቲ ትካል (stichting) ን23 ዓመታት ዝጸንሐ ህዝቢ'ዛ ቤተክርስትያን ግዳይ ስለ ዝገበረ፣ ብጹዓን ኣቦታት ቅ/ሲኖዶስ (ዘያሓሰቡዎ) ኣሚኖም ሓላፍነት ሂቦሞ ከብቅዑ፡ ግጉይ ዝኾነ ውሳኔ ኣብ ርእሴና ክወስዱ ስለ ዝገበረ፣ ነዚ ከኣ ምስ ን/ሃ/ስ/ ኩይኑ ዝገበሮ ብምኳኑ፣ ዘይእሙን መሣርሕቲ ምኳኑ የረጋግጽ።

2- ን/ሃ/ስ//ን ነዘርላንድ ሕጋዊ ምምሕዳራዊ ሓላፍነቱ ጥሒሱ፡ ንሓደስቲ ሰ/ጉባኤ 'ከርክሽናትስኻፕ' ይኹን ሓላፍነታውያን፣ ቅኑዓትን ሰራሕተኛታት (ኣገልገልቲ) ዝኾኑ ኣብ ትሕቲ ትካል (stichting) ዘገልግሉ ዝነበሩ ን 9 ኣባላት መመሪጹ ወገናዊ ውሳኔ ወሲዱ ብምጥቃዕ፡ ኣሰካፊ (ህዝቢ ዝፈላለየሉ) ሥራሓቱ ንሓድነት ቤተክርስትያን ኣብ ብኽያትን ንሓድሕድካ ምትፍናንን ጸገም ኣእትዩዋ ይርከብ። ንህዝቢ ኣብ ዘየድሊ ምንህሃር ኣብጺሖሞ። ስለዚ ሓላፍነታዊ ጉድለትን ሃሰያኡን ን ንብጹዓን ኣቦታት ኣገንዚብናዮም ኣሎና። እዚ ፈላላዩን ኣጥቃዒን ሥራሓቶም ጠጠው ክብሉዎ ብምትሕስሳብ ናብ ቅ/ሲኖዶስ ኣመልኪትና ኣሎና።

3- ሰበኻ ጉባኤ ናይ (stichting)፡ ነቲ ናይ ሓድነት መሥርሕ ኣብ ሓደጋ ዘእተዉዎ ኣምሲሎም፣ ጉድለታት ብኣና ከም ዝተኻየደ ኣምሲሎም፣ ኣቶ ቴድሮስን ከምኡ'ውን ን/ሃ/ስ/ ብምትሕብባር ዘቕረቡዎ ጸብጻብ ሓቅነት ዘይብሉ ኢዩ። እዚ ንዓና ግዳይ ንምግባር ዝኣለሙዎ ኢዩ። ኣብ ላዕሊ ብዝጠቐስናዮ ሓቅነትን ክዉንነትን ብሕጊ ክሕተቱልና ብኣጽንዖት ሓቲትና ኣሎና። ነቲ ሕጋዊ ኣካይዳን ብፍሉይ ነቲ ውዕልን ኢዮም ብጭቡጥ ኣፍሪሶሞ ዘለዉ። ንዝተወከሶ ሰብ፡ እቲ ውዕል ባዕሉ ዝምስክር ኢዩ።

4- ካብኡ ሓሊፉ ን/ሃ/ስ ኣብ ናይ ዕለት 21-06-2026 'ንህዝቢ ውሳኔ ቅ/ሲኖዶስ ከነንብብ መጺእና' ኢሉ ድሕሪ ምንባቡ፡ ኣቦመንበር ን/ሃ/ስ/ ንህዝቢ ክዛረቡ እንከለዉ፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢሎም፥ "እዚ ሓዲሽ ሰበኻ ጉባኤ ኣይተሰማመዐን፣ ኣብ ዝሐለፈ 6 ኣዋርሕ ፈጺሙ ሥራሑ ኣይገብርን ዘሎ።" ንሕና ብትዕዝብቲና እንርእዮ ዘሎና ኢድ ምትእትታው፡ ን/ሃ/ስ/ ጠንቂ ምኳኑ ግና ባዕሎም ኣይገልጹዎን ኢዮም። እቶም ሰበኻ ጉባኤ ተሓቲቶም ጸብጻብ ኣቕርቡ እንተ ዝበሃሉ እቲ ዘቕርቡዎ ጸብጻብ፡ ነቲ ሓቂ መነጸሮ ነይሩ።

5- ሰበኻ ጉባኤ ናይ (stichting) ካብ ንጉሆኡ "ሕጊ ይከበር ውሳኔ ኣቦታትና ይተግበር" እንዳበልናን ብንዝበልኩሞ'ውን እንዳ ጹዓን ኣቦታት ዝበሉና'ውን እንዳ ተማእዘዝናን ክንሠርሕ ጸኒሕና ኢና። ሕጂ'ውን ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ብሓልዮት ዝተገብረ ብጌጋ ትተርጕሙ ዘሎ ክስተኻኸል ኢና ተላቢናዮም ዘሎና።

6- ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣሰካፊ ኩነታት መሠረት ብምግባር፡ ገንዘብ ብሃወኽ ሓወኽን ብዘይሕጋዊ መሥርሕን ክመሓላለፍ ኣይግባእን ኢዩ። ስለዚ በዚ ምኽንያት ገንዘብ ህዝቢ ብሓላፍነታዊ መንገዲን ብጥንቃቐ ክንሕዞን ምኳንና ንህዝቢ ትካል ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ነረጋግጸልኩም ኣሎና።

7- ሕጊ ብዘፍቅደልና መሠረት ነቲ ዝተገብረ ጥሕሳ-ሕጊን ምፍራስ ውዕልን ብሕጋዊ መንገዲ ክንከታተሎ ምኳንና ነፍልጥ፡

8- ቅድሚ ሕጂ ኣንኳይ ክሕሰብ ሓሊምናዮ ዘይንፈልጥ ኣብ ዕለት 28 ሰነ 2026 ዓምፈ ኣብ ቤተክርስትያንና ደ/ሰላም መ/ዓለም፡ (ናይ ሰላም ደብሪና) ኣብ ርእሲ ሓደ ብዘይመጠን ምቕሉል ህዝቢን ካህናትን ዝምርቐዎ ኣገልጋሊ፡ ሓው ቴድሮስ መግስቱ፡ ኩነ ኢልካ ብዝተመደበ ብ 3 ሰባት ዝተወስደ መጥቃዕቲ ንኹንኖ። ኣብ ኣገልግሎት እንከሎ፡ ደሙ ኣብ ቤተክርስትያን ኣፍፈሲሶሞ፣ ሃዲሞም ከይዶም፣ ኣብ ቃንዛ ኣውዒሎሞን ኣሕዲሮሞን ኣለዉ። እንቋዕ ኣይሞተ እምበር ሓደገኛ መጥቃጢቲ ኢዩ። ካብ ሕጊ ዘምልጥ ግን የለን። ንሕና ምእመናን ቤተክርስትያን'ውን ኣብ ሓዘን ኢና ዘሎና። እዚ ክግበር ዝወጠኑን ዝሓሰቡን ኣካላት እግዚኣብሔር ከም ዝሪኦም'ውን ይፍለጡ። ንሕና ግን ንምሕረትና ዝፈሰሰ ደሙን ስጋኡን ናይ መ/ዓለም ክንወስድ እምበር፡ ደምና ከነፍስስ ኣይኮንናን ናብ ቤተክርስትያንና እንመላለስ። ንሓውና ተጠቃዒ ምሕረት ይ ኣዝዘሉ መ/ዓለም። ንኩሉ ሕማቕ ዝሓሰበ'ውን መ/ዓለም ምሕረት የውርድ።

9- ቤተክርስትያን ክዕጾ ኣይግባእን ኢዩ። ን/ሃ/ስ/ ብዕለት 28-06-2026 ዓምፈ ዝወሰኑ ውሳኔ ግጉይ ኢዩ። እቲ ትሕዝቶ'ውን ኣሰካፊ ኢዩ። ን ኣብነት፡ ነቶም ዘጥቀዑ ገዲፍካ ንተጠቃዒን ኣተዓረቕቲን ከም መዕገርገሪ ምውንጃል ትኽክል ኣይኮነን። ግን ቅድሚ ሕጂ'ውን ን9 ኣባላት ተመሳሳሊ ውንጀላ ስለ ዝተገብረ ኣመሓዳድራኦም ኣሰካፊን ኣተሓሳስቢን ምኳኑ የመልክት። እቲ ቤተክርስትያን ንምእመናን ዕጽዊ ምኳኑ ዝገልጽ ውሳኔኦም ንህዝቢ ምእንቲ ክበጽሖ፡ እዚ ቀሉዕ ደብዳብ ናይ ን/ሃ/ስ/ እውን ከም ቀደምና ብእንሕብሮ ኣገባብ ብኢመይል ምስ'ዛ ሓበሬታ እዚኣ ብለጠፍ ንልእከልኩም ኣሎና።

10- ኣብ መወዳእታ ኣዕዚዝና ክንሕብሮ እንደሊ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ‘ኩሉ ሰብ ከም ብሓዲሽ፡ ሓዲሽ ፎርም መሊኡ ይመዝገብ’ ዝብል ውሳኔ ን/ሃ/ስ ኣሰካፊን ጊዜኡ ዘይሓለወን ኢዩ። ኩሉ ፊስካላዊ፣ ፋይናንሳዊን ሕጋዊን መንገዲ ተሓሊፉ፣ ጾብጻብ ንህዝቢ ከይቀረበን ኣብ ውዕል መርሓጉደና ኣማእካሊ ቴድሮስን፣ ሰበኻ ጉባኤ ትካልን፡ ሰ/ጉባኤ ‘ከርክኸኖትሰኻፕ’ን ክታሞም ዘንበሩሉ ተተግቢሩ ከይተወደአ’ሞ ሓድነት ብተግባር ተወዲኡ/ተፈጺሙ ከይተባህለን ከይተኣወጀን፡ ሕጂ ብጉድኒ ኣቲኻ ዝበሃልን ዝግበርን ዘሎ ኣካይዳ፡ ትኽክል ከም ዘይኩነ ክነብርህ ንደሊ። እዚ መሥርሓ ጉደና ሓድነት ከይተወደአ (እሞ ብዙሓት ኣሰከፍቲ ነገራት ኣብ ቤተክርስትያን እንዳ ሃዉን እንዳ ተኻየዱን) ኣብ ገንዘብ ምኽዕባት ዘተኩረ ጊዜኡ ዘይሓለወ ውሳኔን ኣዋጅን ምውጻእ ዘይሓላፍነታዊ ምኳኑ ክነስምረሉ ንደሊ።

መተሓሳሰቢ፥

- ብዙሕ መንገዲ ዝግለጽ ጥሕሳ ሕጊ፣ ውዕል ምፍራስ፣ ኣድልዎን፡ ጣልቃ ምእታውን…ወዘተረፈ ዝኣመሰሉ (ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ብዙሓት ምኽንያታት)፡ ንሕጊ ቤተክርስትያን (ቃለ ኣዋዲ) ዝጠሓሱ፣ ንህዝቢን ምሕደራ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ዝበደሉን ስለ ዝኾኑ፡ ብኩሉ ሕጊ ዘፍቅደልና (ይከኣል ዝበሃል) ክንሠርሓሉ ምኳንና ዳግም ነፍልጥን ንሕብርን።
- ብሰንኪ ሕጽረት ጊዜ ደጋጊምና ክንእርም ስለ ዘይካኣልና፡ ምናልባት ተደጋጋሚ ነጥቢታት ምስ ዝህሉን ይቕሬታ ንሓትት።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።



*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het  Kerkelijk bestuur van  Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com;  Website: www.debreselam-medhaniealem.com

**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**